ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን | التحالف الديمقراطي الارتري

ERITREAN DEMOCRATIC ALLIANCE

# ደምዳሚ መግለጺ
# ስርሓት ቀዳማይ ኣኼባ ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት

ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት፡ ካብ ዕለት 05-12 ሚያዝያ 2005 ስርሓት ቀዳማይ ኣኼባኡ ብዓወት ኣሰላሲሉ። እዚ ኣኼባዚ፡ መቐጸልታ ናይቲ ኣብ መጀመርያ ናይ ዝሓለፈ ወርሒ መጋቢት፡ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ድሕሪ ምምስራቱ እተኻየደ ኣኼባ ኢዩ።

ኣብዚ ኣኼባዚ፡ ንምምስራት ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ስዒቡ ዝመጸ ቦታውን ዞባውን ኣህጉራውን ኩነታትን፤ ኣብ መስርሕ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ተጋድሎ ኤርትራ ዘለዎ ኣሰራትን፤ ብዝርዝር ቀሪቡ።

ኣኼባ፡ ስርሓቱ ንምክያድ ዘኽእሎ ውሽጣዊ ቅርጻን ምምሕዳራትን ፈጻምቲ ቤት ጽሕፈታት ንምቛም ብዕምቈት ተመያይጡ። ከምኡ ውን፡ ናይ ነፍስወከፍ ቤት ጽሕፈት፡ መደብ ዕዮን ትልምታትን ወሲኑን፥ ስርሐን ንምክያድ ዘኽእለን ባጀት ሰሊዑን። ኣብ ርእሲዚ፡ ስርሓት ፈጸምቲ ቤት ጽሕፈታት ዝመሓደራሉ ውሽጣዊ ሕጋጋት ሰሪዑን መምርሒታት ኣውጺኡን።

ኣብ መዳይ ፖለቲካን ዲፕሎማስን ከኣ፡ ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት፡ ዲሞክራስያዊ መትከላት ምስራጽን፥ ቅዋማዊ ስርዓት ኣብ ኤርትራ ምትካልን፥ ኤርትራ፡ ምስ ገዛእ ርእሳን ምስ ጐረባብታን ዞባውን ኣህጉራውን ከባቢታታን ብሰላምን ምድግጋፍን ንኽትነብር ዘኽእል ዝብል ትሕዝቶ ዘለዎም ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ኣብ ኣኼባኡ ዘጽደቖም ውሳኔታት ንምብራህ ቀዳምነት ሂቡ ተንቀሳቒሱ። በዚ ኣጋጣሚ፡ ጐረባብቲ ሃገራት ነገራውን ሞራላውን ደገፍ ብምሃብ እተጻወትዎ ኣዎንታዊ ደገፍ ከየመጐስና ክንሓልፍ ኣይንፈቱን።

ኣብ መደምደምታ፡ ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት፡ ኣብ ውሽጢ ደኹን ኣብ ግዳም ዝርከብ ህዝብና፡ ነቲ ኣብ ኤርትራ ዘሎ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ንምምካትን ንምቅላዕን፤ ብጽንዓትን ተወፋይነትን ክቃለስን፤ ክሳዕ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ወዲቑ፡ ኣብ መላእ መሬት ኤርትራ ዲሞክራስያውን ቅዋማውን መንግስቲ ዝትከል፡ ህዝብና ንኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ነገራውን ሞራላውን ደገፋት ከበርክትን ኵሉ ዝከኣሎ ጻዕርታት ክገብርን ይጽውዕ። ከምኡ ውን፡ ነቲ ኣብዚ ቀረባ እዋን ፈነውኡ ክጅምር ተወጢኑ ዘሎ መደብ ረድዮ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ብተገዳስነት ክከታተል ነዘኻኽር።

ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት
ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን
15.04.2005